# ሎቖታ መስሓቕ

ውድቀት ሕጊ-ግደፍ እናተቓረበ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ ግዜ፣ እዋናውያን ናይ ፖለቲካዊን፣ ቁጠባውን፣ ማሕበራውን ሽግራት ዝግለጹ መስሓቓት ኣብ ኤርትራ ብሕቡእ፤ኣብ ወጻኢ ከኣ ብግህዶ ዝዕለሉ እናበዝሑ ይኸዱ ኣለዉ፤ኣገደስቲ መልእኽትታት እውን ዝሓዘሉ ኢዮም::
እዋናውያን መስሓቓት ብኢመይል ክሰዱ ንዝደልዩ ፡ ስም ሰዳዲ ብግልጺ ብስሙ ወይ ከኣ ብናይ ብርዒ ስም ክኸውን ይኽእል። ተቐባሊት ኢመይል ኣድራሻ፣
lokota.meshak@yahoo.de

## 13. ዝኀሓፍ ዘለዋ !!

ቆልዓ ነቡኡ፣ <<ባባ፣ ኢሳያስ እንታይ ክገብር'ዩ ንኢታልያ ዝመላለስ ዘሎ? >>
<< ዝኀሓፍ ዘለዋ ?>> ክብል
ብሓውለይቶ

## 14. እሳተ ጎመራ

ኢሳያስ ንሲቺልያን ይበጽሕ ኣብ ዝነበረሉ፣ ኑቲ ኤትና ዝበሃል ዝቐሃመ እሳተ ጎመራ ከርእዩዎ ከለዉ እቲ እሳተ ጎመራ ብ1955 ተፈኡ ከም ዝነበረ ይገልጹሉ። ሽዑ ኢሳያስ፣ << እሞ"'ኸ? እዚ ደኣ እንታይ ኣለዎ? ኣነ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ (ሓደገኛ) እሳተ ጎመራ ኮፍ ኢለ ከም ዘለኹ ኣይትፈልጡን ኢኹም>>። መዓስ ከም ዝተፍእ ከኣ ኣይፍለጥን'ዩ! በሎም
ብሓውለይቶ

## 15. ባባ..ባባ..እቲ ፈገር ሰብኣይ መጺኡ!

ሓደ ሰብኣይ ጥንሰቲ ሰበይቲ ነበረቶ። ኩሉ ግዜ ከኣ ሃብሮም ቲቪ ኤረ ! ኣብ ዝራኣየሉ እዋን ናይፕረዚደንት ኢሳያስ ዜና ኣብ ዝመጸሉ ግዜ፣ እቲ ሰብኣይ ብሕርቃን ካብ ዘዘውትሮ ዝነበረ ቃላት፣ << እዚ ፈገር ሰብኣይ ከአ መጺኡ ! >> ብምባል ይደጋግም ነበረ። ወዲ ክልተ ዓመት ዝኸውን ሕጻን ወዱ ሒዙ ኣብ መኽፈቲ ፈስቲቫል ኤክስፖ ከደ፣ እቲ ፕረዚደንት ኢሱ ኑቲ ፈስቲቫለ ክኸፍት ምስ መጸ፤ እቲ ወዲ ክልተ ዓመት ሕጻን ምስ ረአዮ <<ባባ.. ባባ.. እቲ ፈገር ሰብኣይ መጺኡ>> ብምባል ኣብ ቅድሚ እዚ ኩሉ ሰብ ደርጎሖ። እቲ ሰብኣይ ብፍርሂ ዝኣክል እንዳ ኣንቀጥቀጠ <<ቆልዓ ዝጠፍአ ?.....ቆልዓ ዝጠፍአ.... ?..>> እናበለ ካብ ኤክስፖ ብምውጻእ ነብሱኣድሓነ።
ካብ መስመር

## 16. ባዕሎም ቀጥቂጦም ይቐትሉኻ !

ኣብ ኣስመራ ሞቶርሳይክል ዘወርቲ ቆቢዕ ከይገበሩ ምዝዋር ዝኽልክል ሓድሽ ናይ ትራፊክ ሕጊ ይወጽእ'ሞ ጥቡቕ ቁጽጽር ይጅመር። ነዚ ዝረኣዩ ሰለስተ የዕሩኽ ብዛዕብኡ የዕልሉ ነበሩ። ሳሚ፣ << እዚ መንግስቲ ንምንታይ እዩ ቆብዕ ከይገበርኩም ከይትዝውሩ ዝብል ሓድሽ ሕጊ ኣውጺኡ ?>>
ቢኒ፣ << ኑቲ ዘዋሪ ሓልዩ እዩ። ኣጋጣሚ ሓደጋ እንተበጺሑስ ርእሱ ተሃሪሙ ከይጉዳእ ብምሕላይ እዩ >>
ሳሚ፣ << ኣታ እዚ መንግስቲስ ንኹሉ ብሓይሊ ድዩ ዝደልዮ። እሞ ዋላ ይሙት ሄልመት ኣይገብርን'የ እንተበልካኸ ? >>
ዳኒ፣ << እዋእ፣ እታ ዝበልኻ ኣይገብርን ኢልካ እንተ ኣቢኻ ከኣ ባዕሎም ቀጥቂጦም ይቐትሉኻ >> በሎ ይበሃል።
ካብ ኣቤል

## 17. ኣበይ ምስ ኣደቀስኩምና ኢና'ሞ ክንሓልም !

ሓደ ሓላማይ ሰብኣይ ነበረ። ንሻዕብያ ከኣ ኣብ ሜዳ ከለዉ ይሓልመሎም ነበረ። እቲ ሰብኣይ ከኣብፍሉይ ዝሓልሞ ዝነበረ ሕልምታት ንሻዕብያ ዘጋጥሞም ዓወታት ይሓልም ብምንባሩ፡ ሻዕብያ ኣብኡዝነበሮም እምነት ዓቢ እዩ ነይሩ። ሰብኣይ ግን ድሕሪ ናጽነት ኣይ ከም ቀደሙን፡ ከም ሻዕብያ ክቕየርጀመረ። ምቕያሩ'ውን ብዙሕ ዝተገደሰሉ ኣካል ኣይነበረን።ድሕሪ ናይ ወያነ ኩነታት ግን ኣቓልቦክረክብ ጀመረ። ከምቲ ? ጥፉኖስ ? ጥፉኖስ ? ዝብሎ ከኣ፡ << ዝጠፈሸ ነጋዳይ ናይ ቀደም ሓሳባቱ ይጠፍእ >>። ከም ዝበሎ ከኣ ናይ ቀደም ሕሳባቶም ፈቲሾም ነቲ ሓላማይ ሰብኣይ ረኺብዎ። ነቲ ሰብኣይ ከኣ ኣብ መዋጥር ሕቶ ኣእተዉዎ። << ንምንታይ ከም ቀደምካ ሃገራዊ ሕልምታትካ ምሕላም ገዲፍካዮ? >> ብምባል ሓተትዎ። ንሱ ከኣ << ኣበይ ምስ ኣደቀስኩምና ኢና'ሞ ክንሓልም ? >>በሎም።

ካብ ዓወት

ኣቕራቢ፡ ሓውለይቶ
13.12.2008